# ብመንገዲ ተርጓማይ ምዝርራብ

ሓጺር መምርሒ

ትግርኛ

ክፍሊ ውህደትን ብዙሕነትን

ክልተ ወገናት ኣብ ንንሓድሕዶም ክዘራረቡ ምስ ዝደልዩ ግን ከኣ ናይ ሓባር ቋንቋ ምስ ዘይህልዎም፡ ኣብ ንንሓድሕዶም ክዘራረቡ እንተ ኾይኖም፡ ኣብ መንጎኦም ተርጓማይ ሓደ ኣገዳሲ ድንድል እዩ። ዕላማ ናይቲ ተርጓማይ እቲ ዝርርብ ብዝከኣል መጠን ልክዕ ከም ሓደ  ብዘይ ተርጓማይ ዝግበር ዝውቱር ዝርርብ ክኸውን ኣለዎ። ብዝኾነ ግን ብመንገዲ ተርጓማይ ዝርርብ ክካየድ ከሎ ገለ ኣቓልቦ ምግባር ከድሊ እዩ።

እዚ ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ ተራ ተርጓማይ ኣብ ግዜ ምትርጓምን፡ ብመንገዲ ተርጓማይ ምዝርራብ እንታይ ማለት ከም ዝኾነን ዝገልጽ ሓጺር መብርሂ እዩ። ኣብ መወዳእታ እቲ ጽሑፍ ብመንገዲ ተርጓማይ ክትዘራረብ ከለኻ ፍሉይ ኣቓልቦ ክትገብር ከም ዘለካ ዝጠቅስ እዩ።

## ተ ራ  ተ ር ጓ ማይ

ኣብ ናይቲ ተርጓማይ ሞያዊ ስነምግባር ዝተሰረተ እዩ። ተርጓማይ ኣብ ስራሑ እዚ ዝስዕብ ቀንዲ ስነ ምግባራዊ ሕግታት ኣለዎ።

- ተርጓማይ ንኹሉ ኣብ ግዜ ዝርርብ ዝተባህለ ክትርጉም ኣለዎ - ንዝኾነ ከትርፍ፡ ክቕይር ወይ ክውስኽ የብሉን።

- ተርጓማይ ኣብ ግዜ ምትርጓም ጸግዒ ክሕዝ የብሉን፡ ንኩነታት ናይቲ ትርጉም ድማ ብስምዒቱ ክጸልዎ የብሉን።

- ተርጓማይ ብዘይካ ምትርጓም ካልእ ምስ ምትርጓም ዝተኣሳሰር ስራሕ ክፍጽም የብሉን።

- ተርጓማይ ፍጹም ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግቡእ ኣለዎ።

### ናይ ተርጓማይ ፍጹም ምስጢር ምዕቃብ ማለት፡

- ዕቃብ ምስጢር ክብሃል ከሎ ንኹሉ'ቲ ተርጓማይ ምስቲ ናይ ትርጉም ዕዮ ዝተእስሳር ዝረኸቦ ሓበሬታ ይምልከት፡

- ምዕቃብ ምስጢር “ንኹሉ ሰብ” ንሓለፍቲ፡ መሳርሕቲ ይኹን ስድራቤት ከይተረፈ የጠቓልል።

- ተርጓማይ ነቲ ናይ ምትርጓም ስራሕ ምስ ኣቋረጸ’ውን ምዕቃብ ምስጢር ይምልከቶ እዩ።

### እዚ ድማ ተርጓማይ ንዝጥቀም ከምዚ ዝስዕብ ማለት እዩ፡

- ንኹሉ እቲ ኣብ ግዜ ዝርርብ ዝተባህለ ሓላፍነትካ እዩ ።

- ተርጓማይ ብዛዕባ ንስኻን ተዘራርቦ ዘሎኻ ሰብን ዝተሓላለፉኩሞ ሓበሬታ ቅኑዕነትን ሓቅነትን ሓላፍነት የብሉን።

- ተርጓማይ ኣብ ንንሓድሕድኩም ዝተባሃሃልኩሞ ዘረባ ክከታተል ኣይክእልን እዩ፡ “መዘከሪ ወረቐት” ድማ ኣይኮነን።

- ተርጓማይ ከም ወኪል ናይ ሓደኡ ወገን ኮይኑ ክቐርብ ኣይክእልን እዩ።

- ተርጓማይ ዝዕንቅፎ ነገር ምስ ዝህልዎ ክዛረብ ግቡእ ኣለዎ። ንኣብነት ተርጓማይ ምስ ሓደ ካብቶም ወገናት ናይ ስጋ ዝምድና ምስ ዝህልዎ፡ ብመውስቦ፡ ሕጸ ወይ ድማ ኣብቲ ጉዳይ ኢድ ምስ ዝህልዎን ኣብቲ ጉዳይ ምስ ሓደ ካብቶም ወገናት ሰሪሑ እንተ ነይሩ።

- ተርጓማይ ነቲ ናይ ትርጉም ስራሕ ብግቡእ ክትግብሮ ዘይክእል እንተ ኾይኑ ክሕብር ኣለዎ።

# ኣገዳሲ፡ ብመንገዲ ተርጓማይ ክትዘራረብ ከለኻ ምዝካሩ ዘድሊ፡

## ምስቲ ዘዘራርበካ ዘሎ’ምበር ብዛዕባኡ/ብዛዕባኣ ኣይተዛረብ

• ነቲ ዘዘራርበካ ዘሎ’ምበር ንተርጓማይ ኣይትሕተት፡ ማለት “እስኪ ከምዚ ክገብር ዝኽእል እንተ ኾይኑ ሕተቶ . . .” ኢልካ ዘይኮነ ብቐጥታ ከምዚ ኢልካ ሕተት፡ “ከምዚ ክትገብር ምኽኣልካዶ . . .?” ሽዑ እቲ ተርጓማይ ከም ዘለዎ ይትርጉሞ’ሞ፡ እቲ ዝተተርጎመ ዝርርብ ልክዕ ከምቲ ዝተባህለ ዘረባ ይኸውን።
• ገለ ዘይበርሃልካ ነገር ምስ ዝህሉ ወይ ድማ እቲ ዘዘራርበካ ዘሎ ሰብ እንታይ ከም ዝበለ ምስ ዘይተረጋገጽ - ነቲ ዘዘራርበካ ዘሎ ሰብ ሕተቶ - ተርጓማይ ድማ ነቲ ሕቶ ከም ዘለዎ ክትርጉሞ እዩ።

## ክትብሎ እትደሊ ተዳሊኻሉ ጽናሕ

• ኣብቲ ንዓኻ ኣገዳሲ ዝኾነ ነጥብታት ኣተኩር።
• ተርጓማይ ንኽትርጉም መታን ክቐለሉ ሓሳባትካ ብሕጽር ዝበለ ግለጽ። ሽዑ እቲ ትርጉም ዝያዳ ቅኑዕ ይኸውን፡ እቲ ካልኣይ ኣካል መዛርብትኻ ድማ  መልሱ ወይ ርእይቶኡ ክህብ ዕድል ይረክብ። ልክዕ ከም ዝኾነ ዓይነት ዘረባ።
• መግለጺኻ ንጹር ይኹን። ንኣብነት - ምስላ እንተ ተጠቒምካ፡ እንታይ ማለትካ ምዃኑ ክትገልጽ ኣለካ።

## ነዚ ዝስዕብ’ውን ክትግንዘቦ ኣለካ

• ብገጽ ወይ ብኣካላዊ ምንቅስቓስ መልእኽቲ ምስዳድ፡ ምስ ዝውቱር ዝርርብ ሓቢሩ ዝኸይድ እዩ። ኣብ ናይ ትርጉም ዝርርብ ግን እዚ ውሑድ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ብመንገዲ ተርጓማይ ምዝርራብ ብቴለፎን ተጠቒምካ ትዛረብ ከም ዘለኻ እዩ። እዚ ድማ ናይ ቃላትን ድምጽን ሓገዝ ጥራይ እዩ ዘለዎ ማለት እዩ።

• ገለ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት’ውን ኣብ ዘተፈላለየ ናይ ቋንቋ ባህልታት ፍሉይ ትሕዝቶ/ትርጉም ክህልዎም ይኽእል እዩ (ንኣብነት፡ ርእሲ ላዕልን ታሕትን ምባል ኣብ ቋንቋ ኖርወይ “እወ” ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ካልእ ቦታታት ግን “ኣይፋል” ማለት እዩ)። ኣብ ከምዚ ኩነታት ብመንገዲ ተርጓማይ መግለጺ ክትህብ ከለኻ ነዚ ክትዝክር ኣለካ።

• ምትርጓም ከቢድ ስራሕ እዩ። እቲ ተርጓማይ ምሉእ ብምሉእ ኣብቲ ትርጉም ከተኩር ኣለዎ፡ ተወሳኺ ጕድናዊ ስራሕ ድማ ክካይድ ኣይክእልን እዩ። ከምኡ’ውን እቲ ተርጓማይ ካብቶም ዝርርብ ተካይዱ ዘለኹም ቀልጢፉ ክደክም ስለ ዝኽእል ኣብቲ ስራሕ ዕረፍቲ ከድልዮ እዩ።

Tolkeportalen.no
nasjonalt tolkeregister

እ ዚ ጽ ሑፍ’ዚ በ ዞ ም ዝ ስ ዕ ቡ ቋ ን ቋ ታት ’ውን ይ ር ከ ብ እ ዩ ።

ኣልባንኛ፡ ዓረብኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ኩርዲኛ፡ ቋንቋ ሩስያ፡ ቋንቋ ሰርቦክሮኣት፡ ሶማልኛ፡ ስፓንና፡ ቋንቋ ታሚል፡ ቋንቋ ቱርኪ፡ ቋንቋ ኡርዱ።

IMDi ክፍሊ ውህደትን ብዙሕነትን


**IMDi Øst**
Fylkene Østfold, Vestfold,
Akershus og Oslo
Postboks 8059 Dep
0031 OSLO
Telefon 24 16 88 00
Telefaks 24 16 88 31

**IMDi Indre Østland**
Fylkene Hedmark,
Oppland og Buskerud
Postboks 1253,
2806 GJØVIK
Telefon 24 16 88 00
Telefaks 61 17 08 95

**IMDi Sør**
Fylkene Telemark,
Aust-Agder og Vest-Agder
Postboks 647,
4666 KRISTIANSAND
Telefon 24 16 88 00
Telefaks 38 02 04 80

**IMDi Vest**
Fylkene Rogaland, Horda-
land og Sogn og Fjordane
Postboks 4048 Dreggen,
5835 BERGEN
Telefon 24 16 88 00
Telefaks 55 30 09 88

**IMDi Midt-Norge**
Fylkene Møre og Romsdal,
Sør- og Nord-Trøndelag
IMDi Midt-Norge,
7005 TRONDHEIM
Telefon 24 16 88 00
Telefaks 73 89 24 31

**IMDi Nord**
Fylkene Nordland,
Troms og Finnmark
Postboks 83,
8502 NARVIK
Telefon 24 16 88 00
Telefax 76 96 58 38

**Integrerings-
og mangfoldsdirektoratet**
Postboks 8059 Dep.
N-0031 Oslo

Kontoradr.:
Hausmannsgt 23
Tlf: (+47) 24 16 88 00
Faks: (+47) 24 16 88 01
www.imdi.no
E-post: imdi@imdi.no